ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

**Eritrean National Council for Democratic Change**
**The Executive Office**

---

# <u>ዜናዊ መግለጺ</u>

መንግስቲ ኖርወይ ንዑቕባ ዝሓተቱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዘይ ድሌቶም ናብ ትውሊዲ ሃገሮም ክመልስዎም ኣብ ዝዓለመ ጉዳይ ምስ ወከልቲ ስርዓት ህግድፊ ክዘራረቡሉ ከም ዝቐነዩ ተፈሊጡ'ሎ። እዚ ዘይሰብኣዊ ስጉምቲ'ዚ ምስ ዝውሰድ፡ ኣፍጢጡ ዝጽበዮም ዘሎ ንሕስያ ዘይብሉ ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጽሞ ሓደጋ ኣብ ግምት ብምውሳድ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ዶክተር ዩሱፍ በርሃኑ ናብ'ዞም ዝስዕቡ ሰብ መዚ፡ -

1. ናብ ክቡር ኣቶ ዮናስ ጋህር ስቱረን፡ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ኖርወይ፡
2. ናብ ክቡር ኣንቶንዮ ጉተረስ፡ ሓላፊ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት፡
3. ናብ ክብርቲ ወይዘሮ ካተሪን ኣሽቶን፡ ሓላፊት ወጻኢ ጉዳይ ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኤውሮጳ፡
4. ናብ ክብርቲ ወይዘሮ ግረተ ፋረሞ፡ ፍትሒ ሚኒስተር ኖርወይ፡

ኣብ 12 ለካቲት 2012 ዝለኣኾ ናይ ምሕጽንታ ደብዳቤ ኣጥቢቑ ከም ዘተሕሳስበ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ታሕሳስ 2011 ዝተኻየደ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተመርጸ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተሓርየ ዝለዓለ ፈጻሚ ኣካል ተቓውሞ ብምዃኑ፡ ኣፈኛ ናይ'ቲ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ጸሚዱ ዘሎ ዝዓብለለ መዳይ ተቓውሞ ዝውክል ውድባትን ሰልፍታትን በርገሳውያን ማሕበራትን ምዃኑ ይፍለጥ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፡ ካብ ተሰከምዎ ዘሎ ከቢድ ፖለቲካውን ሞራላውን ሓላፍነት ብምብጋሳ፡ ኣብ ክንዲ ኩሎም ንሓደጋ ተሳጢሖም ዝርከቡ ኤርትራውያን ዜጋታትን፡ ካልኦት ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ክብርታትን ሕግታትን ሰብኣዊ ጌና ማስላቶም ክገሃስ ዝርከብ ወገናትና ክጣበቐን፡ ክንዲ ዝተኻእሎ ክከላኸልን ተበጊሱ ምህላዉ የረጋግጽ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፓጋንዳን
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
21/02/2012